# መደብ መንእሰያትና

- ✓ ንመንእሰያትና ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር
- ✓ ንመንእሰያትና ኣፍልጦኣም ምምኽዕባት

ንመንእሰያትና ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ከም ራእይ ወሲድና ከነተግብሮ ኣብ ንሕልነሉ ግዜ ብቐጻምነት መንእሰይ ብሓላፍነትን ምክንኻንን ሓንቲ ስድራቤት ዝካየድ መስርሕ ከምዘይኮነ ምግንዛብ የድሊ። ኩሎም መንእሰያት ናይ ኩልና፡ ኩልና ወለዲ ድማ ናይ ኩሎም መንእሰያትና ምኾና ክንርዳእ ይግባኣና። እቲ ኣምር እዚ ካብ ኮነ ንመንእሰያትና ጥጡሕ ባይታን ብሩህ ተስፋን ክንምስርት ናይ ኩልና እጃም ተደሚሩ ዘምጽኦ ለውጢ ከም ዝኾነ የብርሃልና።

ኣብ ሲያትል ዘሎ ኤርትራዊ ሕብረተ ሰብ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ሓቂ ተገንዚቡ ንዝጸንሐ ኣተሓሕዛናን ዘፈጠሮ ኣሉታዊ ጽልዋን ተገንዚቡ ፍልልያትና ብዘየገድስ ንብሩህ ተስፋ መንእሰያትና ሓቢሩ ክሰርሕ *ሕብረት ወለዲ ኤርትራውያን ሲያትል* ብዝብል ምንቅስቓስ ኩልና ንክንተኣኻከብ ተበጊሱ ኣሎ።

ነዚ ምንቅስቓስ እዚ ዘደረኹ ምዕባለታት ኣብ ቅድሜና ርኡያት እኮ እንተኾኑ ንምጥቃስ ዝኣክል፥

- ✓ <u>ብዙሓት ካብ ደቅና</u> ግዳም ሓደር ኮይኖም ስለ ዘለው
- ✓ ብዙሓት ካብ ደቅና ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ካብ ምምዝዛም ይቦኹሩ ስለ ዘለው ከም ሳዕቤን ናይዚ ድማ ብዙሓት ካብ ደቅና ኣብ ፍቕዶ ማእሰርቲ ከርተት ይብሉ ስለ ዘለው
- ✓ ኣብ ነንሕድሕዶም ካብ ዝፍጠር ጎነጽ ናይ ኣካል ማህሰይቲ ዝወረዶም ብዓቢኡ ድማ ናይ ሞት ሓደጋ ዘጋጥሞም ምህላው እዩ።

<u>ኣብ ወለዲ ዘጋጥም ጸገማት ክጥቀስ እንተኾይኑ ድማ፥</u> ኩነታት ሀገርና ብዝፈጠሮ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ዝምባሌታት ክልተ ኮሚኒቲታት, ክልተ መንፈሳዊ ማእከላት ተፈጢሩ ተጻዋርነት ዘይምህላው ኣብ ማሕበራዊ ናብራና ልሒኹ ህይወትና ሓቢርና ከይንመርሕ መሓንቖ ኮይኑ ሒዙና ይርከብ። ልክዕ'ዩ ኣብ መርዓ ኮነ ሓዘን ዘርአ ምድግጋፋት ብኣዎንታ ከይተጠቐሰ ክሓልፍ ኣይግባእን።

መሰረት ዘለዎ ሓድነትን ምትሕብባርን ክህልወና ግን መሰረታት ስድራ ቤት ምስ እነደልድል እዩ። ስድራ ቤት ክድልድል ሕብረተ ሰብ ሓቢሩ ክሰርሕ ይግባእ። ምትሕብባርና ኣብ እዋናዊ ኣጋጣሚታት ጥራይ ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይኮነስ ኣብ ኩሉ መዓልታዊ ህይወትና ክንጸባርቕ ይግባእ። ኣብ እንነብረሉ ኣከባቢ ቁጽሪ ኤርትራውያን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ብመንጽር'ዚ ባህልና መንነትና ቁጠባዊ መነባብሮና እንዳዓበየ ክኸይድ ይግባእ። ታሪኽ ኣሜሪካ ከም ዘረድኣና ሕብረተሰባት ኣብ ነንሕድሕዶም ብዝፈጥርዎ ማሕበራውን ቁጠባውን ዝምድናታት ብዝተበገሰ ርክብ እንዳዓበዩ ከም ዝመጹ እዩ ዘርእየና።

ኣብ ሲያትልን ከባቢኣን ክልተ ኮሚኒትታት ኣለዋና። ኣብዘን ኮሚኒትታት ተጠርኒፉ ዘሎ ብዝሒ ሰብ ብመንጽር ብዝሒ ተቐማጢ ክንርእዮ ከለና ኣዝዩ ዘሰክፍ ብጣዕሚ ውሑድ እየ። እቲ ክውንነት እዚ ካብ ኮነ ነዚ ኩነታት ምቕያር ከድሊ እዩ።

ከምዝተጠቐሰ ማሕበራውን ቁጠባውን ህይወትና ክዓቢ ዝኽእል ሓያል ሕብረተሰብ ምስ ንምስርት እዩ። ኩለንተናዊ ለውጢ ንክነምጽእ ሓድነትና ክድልድል ኣለዎ። መሰረት ሓድነትና ድማ ዕብየት ኮሚኒትታትና እዩ። ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይዘን ኮሚኒትታትና ክዕቆብ ኣለዎ። *ሕብረት ወለዲ ኤርትራውያን ሲያትል* ነዚ ራእይ ንምትግባር ዝካየድ ምንቅስቓስ ድኣ እምበር መተካእታ ናይ ኮሚኒትታት ክኸውን ዝተበገሰ ከም ዘይኮነ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ብሰንኪ ሓድነትና ተከሲቱ ዘሎ ሽግራትን ንምፍታሕ ሓጋዚ ተራ ንኽጻወት ሰሚርናን ሓቢርናን ሕልምና ጋህዲ ንክኸውን ካብ ጽቡቕ መንፈስን ድልየትን ኣሕዋት ዝተበገሰ ዕላማ እዩ።

ትወለድና ሃገር ካብ መግዛእቲ ሓራ ንምውጻእ ሓላፍነት ተሰኪሙ ነጻነት ኣብ ምውሓስ እጃሙ ዘበርከተ፥ ከም ቀዳማይ ወለዲ ኣብ ኣሜሪካ ድማ ባህሉን መንነቱን ዓቂቡ ምስ ዝተረፈ ሕብረተሰባት ኣብ ከባቢኡ ክዋሳእ ሓድሽ ብድሆን ሓላፈነትን ተሰኪሙ ከም ዘሎ ኣብ ቅድሜና ዝርአ ሓቂ እዩ። ስለ'ዚ ድማ ነዚ ከቢድ ሓላፍነት ተሰኪምና ኣብ ደቅና ወሪዱ ዘሎ ጸገማት ከይሳዕረረ መፍትሒ ረኺብና፥ መንነትና ዓቂብና ማሕበራዊ መነባብሮና ተማሓይሹ ክንርኢ ናይ ሰራሕ እዋን ሕጂ እዩ። ሓያል ኮሚኒትታት ምስ እንፈጥር ህልውናናን ተሰማዕነትናን ብተዛማዲ ይዓቢ። እዚ ሓያል ህላዌ እዚ ንብዙሕ ዕድላት ኣፍደገ ዝኸፍት ኮይኑ ንደቅና ዝሓሸ ባይታ ከም ዝፈጥረሎም ኣይንዘንግዕ። ንናይሓባር ረብሓ ሓቢርና ንተዓጠቕ, ሓቢርና ንስራሕ፥ ውጽኢቱ ንኹልና ከምዘዕግብ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ብመሰረቱ ፍልልያት ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ንምንታይ ይሃሉ ኣይኮነን እቲ ጸገም። ከም ደቂ ሰባት መጠን ንሓዳ ነገር ብዝተፈላለየ መልክዕ መኣዝንን ክንጥምቶ ስለ እንኽእል ሚዛናን ገምጋምናን ዝተፈላለየ ክኸውን ናይ ግድን እዩ። እቲ ጸገም ግን ንፍልልያት ተቐቢልና ተጻዋርነት ዘይምርኣይ እዩ። ሓደ ካብቲ ተበግሶ *ሕቡራት ወለዲ ኤርትራውያን ኣብ ሲያትል* ድማ ተጻዋርነት ዝሕመረቱ ናይ ኣሰራርሓ ልምዲ ንኸነጥሪ ጻዕርን ጎስጎስን ምክያድ እዩ።

ብ ኣለም ገዘሀኝ